ERTEREYA KUNAMA KOIBISA DEMOKRASIYA SUNADA (ERKUKODISU)
ዲሞክራሲያዊ ምንቅስቓስ ሓርነት ኩናማ ኤርትራ (ዲምሓኩኤ)
الحركة الديمقراطية لتحرير كوناما اريتريا
DEMOCRATIC MOVEMENT FOR THE LIBERATION OF THE ERITREAN KUNAMA (DMLEK)

Our Ref.____________________ Date.____________________

Your Ref.____________________

---

# መግለጺ ባሕቲ ሓደ መስከረም 2012

## ዝደልዩ ደቂ ዓዋተ ዘይደልዩ ከአ ደቂ ትሽዓተ ብሄራት

ተኸታተልቲ ባዕዳውያን ገዛእቲ ሓይልታት ንኤርትራ ብናቶም ድልየትን ዕላማን ጎዛዝዮማ እዮም። መግዛእቲ ንክስዕር ድማ ህዝቢ ኤርትራ ንልዕሊ 30 ዓመት ተቓሊሱን ተሰዊኡ ዓወት ተጎናጺፉ ኢዩ። ሰውራዊ ቅንኢ ብዘሕድር ሕዝባዊ ተሳትፎን ተወፋይነት መስዋእትን ደቃ ድማ ሃገርና ኤርትራ ከም ናጻ ሃገር ክትፍለጥ በቅዔት። ንሓደ ህዝባዊ ዕላማ ደቂ ትሽዓተ ብሄራት ኤርትራ ኣብ ሓደ መስመር ተሰሊፎምን፤ ኣብ ሓደ ጋህሲ ተቀቢሮም ሃገራዊ ናጽነት ኣረጋጊጾም ኢዮም። ብርግጽ ታሪኽ ምፍላጥ ነውሪ ኣይኮነን። ይበል እዩ ከአ። ኣብ ጉጉይን ናይ ሓፋሽ ደገፍ ዘይብሉን ታሪኽ ተንጠልጢልካ ምውርዛይ ግን ዓዲ ዘእቱ ዘይኮነስ ኣዕናዊ ሳዕቤን ዝህሉዎ ምኳኑ ምስትውዓል የድሊ።

ታሪኽ ተጋድሎ ህዝብና ብናይ ውሑዳት ውልቀ ሰባት ጽልዋ ዝተዓብለለ እዩ። እዚ ምልክት ድሕረት ምበር ክንኮርዓሉን ንዘልኣለም ክንዝከር ዝግብአ ጸጋ አይኮነን። እወ ታሪኽ ብህዝቢ ዝስራሕ ኮይኑ ውልቀ ሰባት ነናቶም ይንኣስ ይዕበ ኣበርክቶ ክህሉዎም ግድን እኳ ተኾነ፡ እቶም ታሪኽ ዝሰርሑ ውልቀ ሰባት ግን ኩሉ ግዜ ቅኑዓት እዮም ማለት ኣይኮነን። ኣብ ሓደ እዋን ዝተሰርሔ ታሪኽ ምስቲ ናይቲ እዋን ንቅሓትን ክውነት ዝተኣሳሰረ ስለዝኾነ እዋኑ ምስ ሓለፈ ናብ ቤተ መዘከር ክእከብ እምበር በብእዋኑ እንዳተላዓለ ክብሪ ውልቀሰባትን ሃገራውያንን ከፋኩስን ከራኽስን አይግባእን።

ታሪኽ ሓምድ እድሪስ ኣዋተ ጅግንነትን ሃገራውነት ዝምልአ እዩ ካብ ዝበሃል ዓመታት ሓሊፉ እዩ። ናይ እድሪሰ ዓዋተ ኤርትራውነት ዝጠራጠር ዜጋ የለን። ደቂ ትሽዓቲኤን ብሄራት ኤርትራ ኣብ ናይ ሓምድ እድሪስ ዓዋተ ኤርትራውነት ይአምኑ ክአምኑውን ናይ ግድን እዩ። እዚ ምስ በብእዋኑ ዝቀያይር ንቅሓት ዝምዘንን ዝዕቀንን ክኸውንን ኣይግብአን። ብሓጺሩ ናይ ሓምድ እድሪስ ዓዋተ ኤርትራውነት ንኹሉ ኤርትራዊ ኣብ ሃገራዊ ሓባራዊ

ምርድዳእ (national consensus) ክብጽሓና ዝክእል ክውንት እዩ። ናይ እድሪስ ዓዋተ ሃገራውነት (nationalism) ግን ኹሉ ኤርትራዊ ዝሰማማዓሉ ዛዕባ ኣይኮነን። ሽፍታ ስለ ዝነበረ ሃገራዊ ክብሃል ኣይግብአን ማለት ከአ ቅኑዕ ኣይኮነን። ምኽንያቱ ሽፍታ ወይ ከአ ጭውው ዝበለ ዕሉልን ጸረ ህዝቢ ጸኒሑ ተቀይሩ ንሃገር ዝጠቅም ስራሕ እንተፈጺሙ ንቅበሎ ጸጋ ስለ ዝኾነ። ንሓደ ሃገራዊ እንተ ብፍላጥ ወይ ከአ ንሕነ ህዝቢታት ሃገር ንዝጨፍጨፈ ገበነኛ ከም ሃገራዊ ምቅባልን ምስ መዓልቲ ናጽነት ብምትእስሳር ነቶም ግዳያት ክስዕስዑ ምግባር ግን ናይ ገበን ገበን እዩ። ሓምድ እድሪስ ዓዋተ ኣብ ልዕሊ ብሄር ኩናማ ዘብጽሖ ህልቂት ከቢድ ኢዩ። ሓቂ ዶ ሓሶት ንምርግጋጹ'ውን መጽናዕትን ግዜን ክወሃብ ድኣሉ ዝግባእ እምበር ንሓደ ሽነኽ ንምኽሳብ ኣብዚ ናይ ገበን ታሪኽ ብምንጥልጣል ሓባራዊ ሃገራዊ ምርድዳእ ኣብ ዘይበጸሕናዮ ጉዳይ ከም ናይ ኩሉ ኤርትራዊ ውራይ ጌርካ ምውሳድ አብ ልዕሊ መሰል ዜጋታት ምዕንዳር ኢዩ።

ዲሞክራሲያዊ ምንቅስቓስ ሓርነት ኩናማ ኤርትራ (ዲምሓኩኤ) ሓምድ እድሪስ ዓዋተ አብ ልዕሊ ብሄር ኩናማ ዘብጽሖ ህልቂት ካብ ዘይምፍላጥ ወይ ዓቕሚ ብምስኣን አይኮነን ክሳብ ሕጂ ትም መሪጹ ዝጸንሐን፣ ሎሚ ከቃልሖ ዝመረጸውን ካብ ወትሩ ፉሉይ ዓቕሚ ስለ ዝረኸበን ስለዘዋህለለን ኣይኮነን። እንታይ ድኣ ንቅሓት ሕብረተሰብ ኩናማን ሰዓብቱን አባላቱን አብ ግምት ብምእታውን አብ ሕሉፍ ታሪኽ ተንጠልጢሉ ነዚ ጉዳይ ቀዳማይ አጀንዳ ቃልሲ ክገብር ስለዘይመረጸ ጥራይ እዩ። ሓቂ ተቐቢሩ ስለዘይተርፍን ቅኑዕ ታሪኽ መሰረት ቅኑዕ ሃገርን ህዝብን ምኳኑ ብምእማን ኣብ ጉዳይ ሃገራዊ ጅግንነታዊ ታሪኽ ሓምድ እድሪስ ዓዋተ ብስርዓት ህግደፍ ዝተጠጅአ ተንኮልን ብዓቢ ድምጺ ክቃላሕ ዝጸንሐ ድራማታትን ቃልዕ ንምውጻእ ሕልናዊ ግዴታና ምኳኑ ኣሕዋት ኤርትራውያን ክርድኡና በዓል ሙሉእ ተስፋ ኢና። ካብዚ ብምብጋስ እንተወሓደ ኣንጻር ባሕቲ መስከረም ዘይኮነ አንጻር ሃገራውነት ዓዋተ መርገጺናን ርእይቶና ክንህብ ንግደደሉ ጽፍሒ ስለዝበጻሕና ዕላዊ ብዝኾነ ኣገባብ እነሆ ንመጀመሪያ ግዜ ርእይቶና ዘርጊሕና ኣለና። ኤርትራውያን ኣሕዋት ከአ እዚ ጉዳይ መጽናዕቲ ዘድልዮን ወገናዊ ስለዝኾነ ኣብዚ ዛዕባ ናብ ሓባራዊ ምርድዳእ ንበጽሓሉ አንፈት ክእምቱና ንላበወኩም።

**ክሳብ ሽዑ ዝደልዩ ደቂ ኣዋተ ዘይደልዩ ከአ ደቂ ትሽዓተ ብሄራት ይኾኑ። ብፖለቲካዊ ዓይኒ ኹልና ደቂ ዓዋተ ከምዘይኮና ግን በዚ አጋጣሚዚ ነረጋግጽ!!!**

**መትከላት ዲምሓኩኤ ንዘልዓለም ክዕንበቡ እዮም!!!**

**ቤት ጽሕፈት ዜናን ሓበሬታን ዲምሓኩኤ**

**መስከረም 01 2012.**